# ስዬን ሕገመንግስትናን

## ወግዒ ምስኣይተ መለስ ዜናዊ

ዝኸበርኩም ኣይተ መለስ ዜናዊ፣

ዝኸበረ ሰላምታይ እናቐደምኩ፣ ከም’ቲ ዝፍለጥ ፍትሒ ዓይኒን እዝንን ዘርእን ፆታን ሃይማኖትን መንነትን የብላን፡፡ ሰብ ካብሰብ ዓሌት ካብዓሌት ብሄር ካብብሄር መለለዪን መፍለዪን መጻለዊን ህልና ይኹን ትዕዝብቲ ኣይፈጠረላን፡፡ ብሓፈሽኡ ፍትሒ ሰብኣዊ ባህርያት ዘይብላ ግና ንኹሉ ደቂ ሰብ ብማዕርነት ኣደላዲላ ብቀንጢ እትጸኒ መስርሕ ደቂ ሰብ እያ ዝብል መርገፂን እምነትን ዘበንና እዩ ጥራሕ እንተይኾነስ፣ ሕገመንግስቲ ሃገርና ኣብ ዓንቀፅ 25 ከም’ዚ ዝስዕብ ኣስፊሩዎ ይርከብ፡፡ “... ሰባት ኩሎም ኣብቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም፣ ኣብ ሞንጎ ሰባት ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣፈላላይ እንተይተገበረ ማዕረ ሓለዋ ሕጊ ይግበረሎም...” ይብል፡፡

ወያናይ ደሞክራሲያዊ ግንባር ህዝብታት ኢትዮጵያ (ኢህወደግ) ቀንዲ መትከለይ መቃለሲ መስመረይ ኢሉ ዝሓንፀያን ኣብኣእምሮ ኩሎም ተጋደልቱን ኣባላቱን ከምመሪሕ ጭርሖ ኣስሪፁ ዝተጉዓዘሉን፣ “ማዕርነት ... ፍትሒ” ዝብል ከምዝነበረን ከምዝኾነን ናይቀረባን ናይርሑቕን ዜጋ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፡፡ ኣብትሕቲ እዙ ጭርሖ ከቢድ ዋጋ ተኸፊሉ ብዝሓበረ ቅልፅም ህዝብታት እቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ዓነውነዉ ኢሉ ካብዝፀራረግ ንደሓር’ውን ሕገመንግስቲ ሃገርና ማዕርነት ህዝብታትን ፍትሒን ዳርጋ ኣብኣብዝሓ ዓንቀፅታቱ ኣስፊሩ ላዕለዋይ መሪሕ ሕጊ ሃገርና ኮይኑ ካብዝፀድቕ እኒሀ ዓሰርተክልተ ዓማዉቲ ቆፂርና ኣለና፡፡

እዙይ ከምዙይ እናሃለወ ግና እዙ ብመስዋእቲ ህዝብታት ዝተቀለመ ላዕለዋይ ሕጊ ሃገርናን ኣፈፀምቲ ኣካላትን ሰበስልጣናትን መንግስቲ ኢህወደግ እንትጓነዩን ካብኡ ሓሊፉ’ውን ምልላይ ከምዘይብሎም  እንትጋራጨውን እናተዓዘብና ቀኒና ኣለና፡፡

ዝኸበርኩም ኣይተ መለስ፣

ፅዋ ሓዉኻ ብደውኻ እዩ’ሞ፣ እስቲ ቁሩብተይ ኮፍ ኢልና ኣካይዳ ፍትሒ ጉዳይ ኣይተ ስዬ ኣብርሃን ስድርኦምን ኣመልኪቱ ዓንቀፅታት ሕገመንግስትናን ኣፈፀምቲ ኣካላት መንግስትን ከመይን ብኸመይን ይጓነዩን ይጋራጨውን ከምዘለው ኣማኢት ኣሽሓት ዜጋታት ዝተዓዘብናዮን ዘስደመመናን ጉዳይ ነዋግዕ፡፡

መንቀሊ ወግዒና ካብኣራት ኪሎ እንተገበርና እንታይ ይመስለኩም? እወ ናብዝርዝር ዓንቀፃት ሕገመንግስትና ቅድሚ ህሩግ ምባልና ካብኣራት ኪሎ ካብባዕልኹም ንዓንቀፅ 74 ኣተርኢስና እንተጀመርና ይሐይሽ፡፡ ዓንቀፅ 74 ስልጣንን ተግባርን ጠቕላሊ ሚኒስተር ሃገርና ኣመልኪቱ ኣብንኡስ ዓንቀፅ 13 ከምዘስፈሮ፣ “ጠቕላሊ ሚኒስተር እዛ ሃገር ንሕገመንግስቲ የኽብር ከምዝኽበር’ውን ይገብር” ይብል እሞ፣ ኣብትሕቲ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 8 ድማ፣ “... ኣፈፃፅማ ስራሕ መንግስቲ ብዋንነት ይቆፃፀርን ኣድላዪ እንትኾን’ውን ናይ መአረምታ ስጉምቲ ይወስድ...” ክብል የስምሮ፡፡ እዚ ግድነት እዚ ከምመጠን መራሒ ሃገር እንትኾን ከምመጠን ውልቀ ዜጋን ከምመጠን ሓደ ዕድሚኡ መመላእታ ንማዕርነትን ፍትሒን ተቓሊሰ ካብዝብል ዜጋን ድማ ብድንጋገ ዓንቀፅ ትሽዓተ ንኡስ ዓንቀፅ ክልተ መሰረት ንሕገመንግስቲ ናይምኽባርን ተገዛኢ እዚ ሕገመንግስቲ ናይምዃንን ግድነትን ሓላፍነትን ከምዘለዎም ኣንዳዕዲኡ ገሊፁዎ ኣሎ፡፡

ኣብዘን ዝጠቐስናየን ዓንቀፃት ተተርኢስና ወግዕና እንትንቅፅል ሓደ መእሰሪን መረዳድኢን ሓሳብ ሒዝና ኢና ናብዉሽጢ ዓንቀፃት ሕገመንግስትና እንኣትው። እዙይ'ውን … ጠቕላሊ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ብዓል ሙሉእ ስልጣንን ኣውራ ተጣባቓይ ሕገመንግስትናን … ክትኮኑ መሰል ጥራሕ እንተይኮነስ ግድነትን ተሓታትነትን ከምዘለኩም ኣረጊፅና ብምስማር ይኸውን።

ኣብዙ ነጥቢዙይ ብፅቡቕ ካብተረዳዳእና ናብ'ቱ ቀንዲ ወግዒና ክንኣቱ። ብሓፈሻዊ ሕቶ ንመስሶ'ሞ፣ ኣይተ ስዬ ኣብርሃ ኮኑ ስድርኦም ከምውልቀ ዜጋ ኣብሕገመንግስቲ ሃገርና ብፍላይ ድማ ኣብዓንቀፃት 20ን፡ 22ን፡ 24ን፡ 25ን፡ ሰፊረን ዝርከባ መሰረታዊ መሰላትን ነፃነትን ውልቀ ዜጋታት ተኸቢሩላቶም ዶ ይመስለኩም?

እወ መንቀሊ ሓሳበይ ከነፅር፣ ፅርዬት ስዬን ስድርኡን ክናዲ ወይድማ ክምስክር ኣይኮንኩን ነቒለ። ናይስዬን ስድርኡን ፅርዬት ከም'ቲ ወለድና ማፅተብ ሓቂ…. ዝበሉዎ ሓቆም የውፅአዮም። ሓቆም ንኸውፅኦም ግና ፍትሒ ሃገርና ስለምንታይ እዩ ብመስርሕ ህገመንግስቲ ዘይትዳነይ? ፍትሒ ሃገርና ስለምንታይ እዩ ዓይኒን እዝኒን ፈጢሩላን ንኹሎም ዜጋታት ብቀንጪ ዘይትርኢ መዳለዊትን ወገናዊትን ኮይና? ንዝብሉ ሕቶታት ምላሽ ንምንዳይ እዩ ወግዒ ዝጀመርኩ።

ዝኸበርኩም ኣይተ መለስ፣

ዓንቀፅ 20 ሕገመንግስቲ ሃገርና መሰል ዝተኸሰሱ ዜጋታት ኣመልኪቱ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ ሓደ ከምዘስፈሮ፣ "…ዝተኸሰሱ ሰባት ክሲ ምስተመስረቶም ግቡእ ኣብዝኾነ ሓፂር ግዜ ኣብ ስሩዕ ቤትፍርዲ ክዳነዩ…" ከምዘለዎም ግድን ይብል። ስዬን ስድርኡን ግና ኣብዝሓፀረ ግዜስ ይትረፍ ኣብዝተናውሐ ግዜ'ውን ዝዳነዩሉ ቤትፍርዲ ኣይተረኸበን። "…ንህዝብታት ከዳምዩ፡ ንሕገመንግስቲ ብሓይሊ ክቕይሩ ኣብኣደባባይ ኲናት ዝኣወጁ…" ንዝበልኩምዎም ተቓወምቲ መንበርኩም'ኳ ኣብሰሙን ክልተ ግዜ ዝተማልኡ ዳናዩ ክስየሙሎም ሙሉእ ዓለም እናተዓዘበ እንተሎ፣ ንኣይተ ስዬ ግና ኣብሰሙንስ ተሪፉ ኣብዓመት ክልተ ግዜ'ኳ ዳኛ ኣይተማልአሎምን። ንዙይ ዝመስል ዝሩግ ኣፈፃፅማ "ፍትሒ" እግዚን ሰብን ከምዝተዓዘቦ ንስኹምከ ኣይተ መለስ ብመሰረት ዓንቀፅ 74 ስልጣንኩምን ግድነትኩምን ተዓዚብኩምዎ ዶ ትኾኑ? እሞኸባ፣ መስደመሚ ዶ ኣይኾነን!

ዓንቀፅ 24 ሕገመንግስቲ ሃገርና መሰል ምኽባር ሰብኣዊ ክብርን ፅቡቕ ሱምን ዜጋታት ኣመልኪቱ ኣብንኡስ ዓንቀፅ ሓደ ከምዘስፈሮ፣ "…ዝኾነ ይኹን ሰብ ሰብኣዊ ክብሩን ፅቡቕ ስሙን ክኸበር…" ከምዘለዎ የረጋግፅ። እዙ ብደም ዝቀለመ ሓቒ'ዙይ እናሃለወ፣ ገና ግቡእ ዳኝነት ብዘይረኸበን ብዘይተረጋገፀን ክሲ እቱ ናይ ነዊሕ ዓመታት ብፃይኩምን ብዓል ፅቡቕ ስምን መራሒ ታሪኻዊ ፍፃመታትን ስዬ፣ ብሃገራዊ ማዕኸናት ዜና እንተይተረረፈ ስሙን መንነቱን ናይፈጠራ ዱሩዕቶታት እንትልጠፈሉ ብመሰረት ዓንቀፅ 74 ስልጣንኩምን ግድነትኩምን ስቕ ኢልኩም ዶ ተዓዘብኩምዎ? እዙ ኣካይዳን ኣፈፃፅማን "ፍትሒ" እዙይከ ኣሰር ሕገመንግስቲን ሕግን ይትረፎ'ሞ ጨና ሰብኣዉነትን ሞራልንከ ዘለዎ ዶ ይመስለኩም!

ንከምዙይ ዓይነት ዓይኒ ዘውፅአ ኢፍትሓዊ ኣካይዳታትን ኣፈፀምትን ክቕይድ ብዝብል ዓንቀፅ ትሽዓተ ላዕለዋይነት ህገመንግስቲ ሃገርና ኣመልኪቱ ኣብንኡስ ዓንቀፅ ሓደ ከምዘስመሮ፣ "…ዝኾነ ሕጊ ወይ ኣካል መንግስቲ ኮነ ብዓል ስልጣን ዝውስኖ ውሳነ ንዙ ሕገመንግስቲ ዝቃረን እንተኾይኑ ተፈፃምነት ኣይክህልዎን …" ይብል።

ንኹለን ዓንቀፃት ሕገመንግስቲ ሃገርና እንትንፍትሸን ንኢፍትሓዉነት መተንፈሲ ዝኾን ነኺል ወይከ ክንረክብ ኣይከኣልናን። እኺ ድኣስ ኩለን ዓንቀፃት ኩሉ ፍጡር ሰብ ቀንጪ ምኺኑን ዓሪና ክንነብርን ዝእውጃ እናሃለዋ ብኸመይን ብመንን ድኣ እዩ ኣካይዳን ኣፈፃፅማን ፍትሒ ዝዛባዕ ዘሎ? ኣብ መንቀሊ ወግዒና ንዓንቀፅ 74 መበገሲ ገይርና ነይርና፣ ከምመጠን መራሒ ሃገር ብከመይ እዩ ድኣ ንህገመንግስቲ ምኽባርን ክኽበር ምጥባቕን ዝትርጎም? ዝገርም ነገር።

ተዘርጊሑ ዘሎ ስርዓት ዳኝነት እዩ ጋዕዝዩ ዘሎ ከይንብል፣ 'ዋእ! ሙሉእ ናፅነትን ስልጣንን ዳናዩና ዘረጋግፅ ዓንቀፅ 79 እናሃለወ ከመይ ኢሉ?' ምስዝብል ሕቶ ይጋራጮ። ኣብዓንቀፅ 79 ንኡስ ዓንቀፃት ሓደን ክልተን ተዘርዚሩ ከምዘሎ፣ "...ኣብ ብርኪ ፌዴራል ኮነ ክልላት ዘሎ ስልጣን ዳኝነት ናይ ኣብያተ ፍርዲ ምኺኑን፣ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዘለዉ ኣካላት ዳኝነት ድማ ካብዝኾነ ይኹን ኣካል መንግስቲ ኮነ ብዓልስልጣን ፅዕንቶ ነፃ ክኾኑን ብሙሉእ ናፅነት ናይፍትሒ ተግባሮም ክፍፅሙ..." ከምዘለዎም የረጋግፅ። ቅፅል ኣቢሉ ኣብንኡስ ዓንቀፅ ሰለስተ ድማ፣ "... ዳናዩ ብዘይካ ብሕጊ ብኻሊእ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣይምርሑን ..." ክብል የራጉዶ። ዘገርም ኣርባዕተ ነጥቢ፣ ጠቕላሊ ሚኒስተር ኮነ ኘረዝደንት ዘይእዝዙዎ፣ ጳጳስ ኮነ ሸኽ ዘይግዝቱዎ፣ ብዘይካ ሕጊ ወይከ ፌሕት ዘየብል ብናይማን ላዕለዋይ ሕጊ ዝኾነ ሕገመንግስትና ሙሉእ ስልጣን ንዳናዩና ሂቡዎም።

ዝኽበርኩም ኣይተ መለስ፣

ወግዕና ናብዝፀበበ መንቀራቕያ እናኣተወ ይመስለኒ። ስርዓት ዳኝነትና ብዓንቀፅ 79 ዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት ገይርኻ ንምጥያሽ ወይ ድማ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዘይተጣየሸን ንህገመንግስቲ ጥሒሱን ብዝተኮከቦ ይግናሕ እንተልዩ ክምዓራረ ስጉምቲ ናይምውሳድ ሓላፍነትን ግድነትን ተሓታትነትን ናይመን እዩ ይብሉ? እዙ ብደም ዝተፅሓፈን ከምሓውልቲን ቅርስን ምርኣዩ ዘይፅገብ ህገመንግስቲ ፍትሒ ኮይኑ ከይሸረፍን ከምመርኣያ ከምእኒ ኣይተ ስዬን ስድርኡን ዓይነት ዜጋታት ከይዕንገሉሉን መንቀርሳ ሕገመንግስቲን ሕጊን ኮይኑ ዘሎ መን እዩ?

ከምእንዕዘቦ ኣብልዕሊ ሕገመንግስቲ ኮነ ፖሊሲታት መንግስቲ ከምኡ'ውን ኣብልዕሊ ኘሮግራማት ኢህወደግ ዝርኣዩ ኣዎንታዊ ጎንታት ኩሎም በዙ ኣስተርሒዩ ዘሎ ኢፍትሓዉነት እናተጎበጡ ንህዝብና ዓወፅወፅ ከብሉዎን ተቓውሞታት እውን ጎሊሖም ክርአዩን ክሕይሉን ይገብሮም ኣሎ።

ዝኽበርኩም ኣይተ መለስ፣

ቀንዲ መሰረት ደሞክራሲያዊነት ኮነ ልምዓት ካብድኽነት ምውፃእ ኮነ ሓድነት ህዝብን ሃገርን ምርግጋፅ፣ መምርሒና ሕገመንግስትና ገይርና ክንምራሕ እንተኸኢልና ጥራሕ ይኸውን ናብዝብል መደምደምታ ይወስደና። ንዙይ ኣዐሪዩ መልክዐኛ ዝኾነ ህገመንግስቲ ብግቡእ ክሸረፍን መሰል ውልቀ ዜጋ ክኽበረሉን ኣብምግባር ድማ እቱ ኣውራ ተዋሳኢን ተሓታትን፣ ብመሰረት ዓንቀፅ 74 ንስኹም ትኾኑ። ጉዳይ ስዬን ስድርኡን መስደመም መርኣያ ዝኾነሉ ንዙ ኢፍትሓዉነት ብቕልጡፍ ፍታሕ ኣብምእላሽ ኮነ ኣብምትዕርራይ ሐዚ'ውን እቲ ቀንዲ ተዋሳኢ ንስኹም ኢኹም እብል።

ምላሽ ዓንቀፅ 74 ብሃንቀውታ እንፅበ ኣማኢት ኣሽሓት ምኺና እናስመርኩሉ የቀንየለይ እናበልኩ ንሎሚ ይሰናበት።

ካሳ